# ክምጐስን ክድገፍን ዝግብኦ ተባዕ ተቓውሞ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

**30.06.2005**

ሳሙኤል ገብረገርግስን ተኽለ ገብረገርግስን እተባህሉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተሓለቕቲ መንእሰያት ኢዮም። ዓሚ፣ ምስ ገለገለ ኤርትራውያን ኰይኖም ካብ ጀርመን ክሳዕ ብሩሰልስ 640 ኪ.ሚ ዝኸውን ርሕቀት ብእግሪ ተጓዒዞም ምስቶም ኣብ ከተማ ብሩሰልስ ሰላማዊ ሰልፊ ክገብሩ ካብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ኣውሮጳ ዝመጹ ኤርትራውያን ተጸንቢሮም ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ተቓውሞኦም ገሊጾም ምንባሮም ዝዝከር ኢዩ።

ሎሚ ድማ፣ ነቲ ዓሚ ዝገበርዎ ጕዕዞ ብምቕጻል፣ ስርዓት ኤርትራ፣ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታት ብሓፈሻ፣ ኣብ ልዕሊ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ዝፍጸም ዘሎ ኢሰብኣዊ ተግባራት ድማ ብፍላይ፣ ተቓውሞኦም ንምግላጽ ካብ ከተማ ጀነቫ ስዊዘርላንድ ክሳዕ ከተማ ሮማ፣ ዓዲ ጣልያን፣ ናይ ልዕሊ 1200 ኪሎሚተር ናይ እግሪ ጕዕዞ ብ15 ሰነ 2005 ጀሚሮም ኣለዉ። ናይዚ ጕዕዞዚ ሓላፍነት ተሰኪሙ ዘካይዶ ዘሎ ኤርትራውያን ንሰላምን ዲሞክራስን ኣብ ስዊዘርላንድ እተባህለ ሲቪካዊ ማሕበር ኢዩ። እዚ ማሕበርዚ፣ ንሳሙኤልን ተኽለን ቅድሚ ጕዕዞኦም ምጅማሮም ምስ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ጀነቫ፣ ምስ ወከልቲ ሕቡራት ሃገራት፣ ምስ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት፣ ምስ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ...ወዘተ ንክራኸቡን ዕላማኦም ክገልጹን ተሓባቢርዎም።

ኣብ ጕዕዞም ንዕላማ ሰላማዊ ሰልፎም ዝገልጽ ወረቓቕቲ እናዘርግሑን ክታም ናይ ደገፍ እናኣከቡን ክኸዱ ም኿ኖም ውን ተፈሊጡ ኣሎ። ጽሑፋቶም ዝኣከብዎ ክታማትን ንጳጳስ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያንን ካልኦት ማሕበራትን ከቕርብዎ ኢዮም። ተጓዓዝቲ ካብ ጀነቫ ክብገሱ ከለዉ፣ ገለገለ ኤርትራውያን ንምትብባዖም ኢሎም ክሳዕ 10 ኪ.ሚ ዝኸውን ሓቢሮም ምስኦም ከም እተጓዕዙ ካብ ስዊዘርላንድ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረጋግጽ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ በዚ ኣጋጣሚዚ፣ ነዞም ስቅያትን ኣውያትን ናይ ህዝቦም ናብ ዓለም ንምብጻሕ ናይ እግሪ ጕዕዞ ዝገብሩ ዘለዉ ክልተ ኣሕዋት ምሉእ ደገፉ ይገልጽ። ጕዕዞኦም ዕዉት ክኸውን ድማ ይምነ። ኣብ ርእሲዚ፣ ነዚ ጕዕዞዚ ዕ ዉት ንምግባር እተሓባበርዎም ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ውልቀ-ሰባትን ማሕበራትን የመጕስ። ኵሉ ኤርትራዊ ዜጋ፣ ነቲ ዝጠልብዎ ዘለዉ ናይ ክታም ደገፍ ክገብር ድማ ይጽውዕ።